# «እንታይ ይበቕዕ ሕጂ?»

## ፍቑራት ወለዲ

ኣብ ቤት-ትምህርቲ እንታይ ከምተመሃርኩም ትዝክሩ ዶ? ኣብ ቆልዓኹም ከመይ ድዩ ዝመስል?
ኣብ መወዳእታ ግዜ ትምህርቲ እንታይ ክፈልጥን ክኽእልን ከምዘለዎ ኣብ መደብ ትምህርቲ ተጻሒፉ።

ብዙሕ ነገር ስለዝቕይር መደብ ሕዝባዊ ቤት-ትምህርቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ክሕደስ እዩ። ሓድሽ ነገር - ንኣብነት ኣጠቓቕማ ኮምፒተር - ክትመሃር ኣለካ ኣብኡ። ስለዚ ካብዚ ዓመት ትምህርቲ ንየው ሓድሽ መደብ ክህሉ እዩ። ቆልዓኹም ኣየናይ ነገር ንዕዉት መጀመርያ ኣብ ዓለም ሞያ ወይ ንቀጻሊ ቤት-ትምህርቲ ከምዘድልዮ ክመሃር ይግባእ።

ብዕዉት ምትሕብባር ምስ ወለድን ቤት-ትምህርታትን ቤት-ጽሕፈታትን እቶም ቆልዑትን መንእሰያትን ኣብ ዞባ St. Gallen ዚቃዶ ትምህርቲ ክወሃቡ እዮም።

## ጽቡቕ ንምፍላጥ

እቶም ቆልዑትን መንእሰያትን ክሳብ ሕጂ ዝተመሃሩ ብዙሕ ነገራት፣ ዋላ ብቀጻሊ ክመሃሩ እዮም። እዚ ገና ቅኑዕን ኣገዳስን እዩ። ግና ቅሩብ ቅይያራት ውን ከመጹ፦

- **ሳብጀክታት፦** ሓድሽ ሳብጀክታት ክመጹ እዮም ወይ ሓድሽ ስም ክወሃቡ እዮም። ካብ 5ይ ክፍሊ-ፕሪማር ቆልዓኹም ንኣብነት ኣብ ሓድሽ ሳብጀክት ሚድያ (Medien) ከምኡ'ውን ስነ-ኮምፒተር (Informatik) ክሳተፍ እዩ።

- **ምጽሓፍ ኣብ ትምህርቲ፦** ቆልዓኹም ብሓድሽ ብ «መሰረታዊ ጽሕፈት ጀርመንኛ ስዊዘርላንድ» ነፍስ-ወከፍ ናይ ኢድ ጽሕፈቱ፣ በቲ ዝነበረ ኣረጊት ኣጻሓሕፋ ዘይኮነ፣ ክመሃር እዩ። ካብ 3ይ ክፍሊ-ፕሪማር እንተላይ ተመኩሮታት ኣብ ምጽሓፍ ኪቦርድ ኣብ ኮምፒተር ይእክብ እዩ።

- **ዕዮታት ገዛ፦** ቆልዓኹም ኣብ ገዛ ምስ ዕዮታት ገዛ ትሕዝቶ ትምህርቲ ክለምድ እዩ። ከም መስኮት ኣብ ቤት-ትምህርቲ እዮም፣ መርኣዪ ኣብ ትምህርቲ ቆልዓኹም ክኾኑልኩም እዮም። ኣብ ቤት-ትምህርቲ ፕሪማር ካብ ዓርቢ ክሳብ ሰኑይ ዕዮታት ገዛ ኣይክህልውን እዩ።

- **ሰርቲፊከት፦** ሓቛፊ ሰርቲፊከት ከምኡ'ውን ፎርማት ሰርቲፊከት ብሓድሽ ተነዲፎም። ኣብ መወዳእታ 2ይ ክፍሊ-ፕሪማር ቆልዓኹም ኣብ መወዳእታ ኩሉ መንፈቕ/ሰመስተር ነጥብታት ዘለዎ ሰርቲፊከት ክወሃብ እዩ። ብተወሳኺ መምህር ኩሉ ዓመት ኣብ መገምገሚ ዝርርብ ክዕድመኩም እዩ።

## ምርኢት ኣብ መደብ ትምህርቲ

ኣብ መጀመርያ ግዜ ትምህርቲ - ኣብ ቤት-ትምህርቲ ህጻናት - ቆልዓኹም ብጸወታን ካልእ ሳብጀክታትን ክመሃር እዩ። ኣብ ቤት-ትምህርቲ ፕሪማርን ላዕለዋይ ደረጃን ትሕዝቶ ትምህርቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ጨናፍር ሳብጀክት ተማቒሉ።




ኣበየናይ ግዜን ኣበየኖት መዓልታትን ቆልዓኹም ኣብ ቤት-ትምህርቲ ክኸውን ከምዘለዎ፣ ኣብ ሰሌዳ ግዜ ተጻሒፉ። እዚ ካብ ቤት-ትምህርቲ ቆልዓኹም ክትወሃቡ ኢኹም።

## ቆልዓኹም ከምዚ እዩ ዝመሃር

ቆልዓኹም ኣብ ቤት-ትምህርቲ ምስ ዝተፈላለዩ ኣርእስታት ርክብ ክገብርን ፍልጠቱ ከስፍሕን እዩ። ዝተፈላለዩ ክእለታትን ብቕዓታትን ከም ንኣብነት ምጽሓፍን ምቕማርን ክመሃር እዩ።

ቆልዓኹም ነቲ ተማሂሩ ክጥቐመሉ ክቅስቀስ እዩ። ንኣብነት እቲ ክላስ ትምህርቲ ምስ ኩነታት ኣየር ክሰርሕ እዩ። ኣብ ምምዳብ መገሻ ቤት-ትምህርቲ እቶም ተመሃሮ ነዚ ፍልጠት ብተግባር ክጥቐሙሉ ክኽእሉ እዮም፣ ሽዑ ኣበየናይ መዓልቲ እቲ ዝበለጸ ግዝያዊ ኩነታት ኣየር ነቲ መገሻ ብቑዕ ከምዝኾነ ክርእዩ እዮም።

በቲ ብዙሕ ምጥቃም ናይ ተማሂሩ ዘሎ ነገራት፣ ቆልዓኹም ምስ ፍልጠቱ ብውሕስን ርእሰ-ተኣማምነትን ክነብር እዩ። ንሓድሽ ኣርእስታት እንተ ደኣ ዝረኽበም ኮይኑ፣ ካብቲ ኪኢሉ ዘሎ ረብሓ ክወስድ እዩ። ቆልዓኹም ወሓለ ክኸውን እዩ።

እቶም ዝምህሩ ሰባት ንቆልዑትን መንእሰያትን ኣብ ትምህርቲ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ክድግፉዎም እዮም። ነዚ ድማ ብቑዓት ዝምህሩ ናውቲታት ክጥቐሙሉ እዮም። ብጥዑይ ዝምድና ምስ ቆልዓን ሞያዊ ፍልጠትኩምን፣ እቶም ተመሃሮ ብደስታን ምትብባዕን ክመሃሩ ተፍቕዱሎም ኢኹም።

## ተወሰኽቲ ሓበሬታታት

- ሕቶታት እንተለውኹም ንዝምህሩ ሰባት ናይ ቆልዓኹም ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም።
- ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ መደብ ትምህርቲ ሕዝባዊ ቤት-ትምህርቲ ኣብ www.lehrplan.sg.ch ክትረኽቡ ኢኹም።